ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.96 | ሰንበት 21 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
"ንእስ ዞባ ጎን፡ ምቹእ ናይ ልምዓት...


ገጽ 4
ደቀንስትዮን መሰል ተጠቃምነት...


ገጽ 5
እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት


ገጽ 12
ማእከል - ግጥማት ኵዕሶ...


# ማእከላይ ባይቶ ሃማደኤ፡ መበል 12 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ

ማእከላይ ባይቶ ሃገራዊ ማሕበር ደቀኣንስትዮ ኤርትራ፡ መበል 12 ስሩዕ ኣኼባኡ ብ19 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ኣቃኒዑ።

እቲ ገምጋም፡ ንቕሓት ኣባላት ንምብራኽ ዝቐደ ፖለቲካዊ ኣስራሰን ጽልዋኡን፣ ዝርግሐ ውዳበታት ንምስፋሕን ንምሕያልን ዝተኻየደ ጻዕርን ወጽኢቱን፣ መንነትን ክብርታትን ማሕበር ንምዕቃብ ዝተኻየደ ጻዕርን ኸጋሉን፣ ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ኣብ ልምዓታዊ መደባት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕያል ትካላዊ ዓቕሚ ማሕበርን ካልእን ዘተኩረ ነይሩ።



ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዓቶ መደረ፡ እቲ ማሕበር ብዘኽተሎ ቅኑዕ ስትራተጂ ቡዝዮመቱ ዕቤት እናርኣየ ይመጽእ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሓያልን ድኹምን ጎንታትን ብደሀታትን ማእከል ዝገበረ ገምጋም፡ ንቲ ኸጋስ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዘደይብ ምዃኑ ገሊጻ።

ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቀኣንስትዮ ክብ ንምባል ዝተኻየደ ጻዕርታት ኣገዳሲነቱ ልዑል ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ ወሻጥን ወጻኢን ዝርከባ ኣባላት ማሕበር ብመንነተን ዝሕበና ኣብ ኩሉ መዳያት በዓሀቲ ክኾና ምእንቲ፡ ኩለን ኣካላት ብሓላፍነት ክዓያ ተማሕጺና።

ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ብወገኖም ኣብ ወሽጢ ሃገርን ዲያስፖራን ኣብ መደባት ልምዓትን መኸተን ኣብ ዝተሰላሰለ መደባት ምዕቃብ ክብርታትን መንነትን፣ ምሕያል ውዳበታት ደቀኣንስትዮ ብዓይነት፣ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታትን



ስእሊ. ሳሙኤል ንጉሰ

ተመሓላለፍቲ ሕማማትን፣ ከምኡ'ውን ምድንፋዕ ዜናዊ ስራሓት ብዝርዝር ዘትዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መጻኢ ክትግበር ንዝተወጠነ መደባት ዝሕግዝ ሓሳባትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

# ሞልቀ - ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዕቤት ኣርእዩ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ እንዳጋብር - ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ቁጽሪ ተመሃሮ ኣብ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት ዕቤት የመዝግብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ስነምምህርና - መምህር ሙሉጌታ ኣብርሃም ሓቢሩ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዝርአ ዘሎ ዕቤት ተሳታፍነት፡ መርኣያ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣገዳስነት ትምህርቲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቀጽሪ ደቀኣንስትዮ ካብ'ቲ ናይ መባእታ ደረጃ ስለዝዩስቡ፡ ቈላሕታ ከምዝድልዩ ኣረዲኡ።

መምህር ሙሉጌታ ኣስዒቡ፡ ጠንቂ ምንቁልቋል ቁጽሪ ደቀኣንስትዮ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ዝርከቦም ጎዳእቲ ልምድታት ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ተራ ኮም ክየሲ ተላቢዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ - ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ምሕረት፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዝጸንሐ ዋሕዲ መማሃሪ ክፍልታት ንምቅላል ከምኡ'ውን ንመንበሪ መምህራን ዝውዕል 12 ክፍልታት ሃኒጾም።

በቲ ምስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ብምትሕብባር ዝተወሰደ ተበግሶ፡ 6 ንመማሃሪ ክፍልታት፣ 6 ድማ ንመንበሪ መምህራን ዝውዕል ክፍልታት ከምዝተሃንጹ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



# ኣስመራ - ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ምርኢት ኢደ-ጥበባዊ ፍርያት ተኸፊቱ



ስእሊ-ሳሚኤል ንጉሰ

ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2026ን በዓላት ልደትን፡ ብ'ማሕበር ትንሳኤ ኢደ-ጥበበውያን ደቀኣንስትዮ ዞባ ማእከል' ዝተዳለወ ምርኢት ፍርያት፡ ብ20 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ - ኣፍደገ ህንጻ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተኸፊቱ።

እዚ ክሳብ 31 ታሕሳስ ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ዝቕጽል ምርኢት፡ ስርሓት ካይላ፡ ማእለማ፡ ላኻ፡ ሓምሓም፡ ዕንቀ፡ ፈትሊ፡ ዕንጸይትን ቅብኣን የጠቓልል።

ኣቐዲመን ብምኽንያት 8 መጋቢት፡ 24 ግንቦት - መዓልቲ ናጽነት፡ ሃገራዊ ፈስቲቫልን ቅኑ ተሪዞምን ተመሳሳሊ ምርኢት ከምዘቕረባ ዝሓበረት ካብ ኣወሃሃድቲ ወ/ሮ ወይኒ ተስፋይ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ ከምዝደፍኣሉ ገሊጻ።

ማሕበር ትንሳኤ ኢደ-ጥበበውያን ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ኣብ 2012 ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ሃማደኤ ተጠርኒፉ ንጥፈታቱ የካይድ።

# ዓንሰባ - ብልዕሊ 88 ሚልዮን ናቕፋ ዝተፈላለየ ፕሮጀክታት ተተግቢሩ

ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ 2025 ብልዕሊ 88 ሚልዮን ናቕፋ ዝተፈላለየ ፕሮጀክትታት ከም ዘሰላሰለ፡ ካብ 16 ክሳብ 18 ታሕሳስ ኣብ ከረን ኣብ ዘካየዶ ዓመታዊ ገምጋም ገሊጹ።

ኣብቲ ብሸለን ንኡስ ዞባታት፡ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ኣብ ዝተዓመ መደብት ዝበረ ሓያልን ድኹምን ጎኒን ብዕምቈት ዝተገምገመሉ ኣኼባ እቲ ብህዝብን ኣካላት መንግስትን ዝተሰላሰለ ህንጻውን ልምዓታውን መደባት፡ ምስራሕን ምጽጋንን ዲጋታት፡ ትካላት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ካልኣይ ደረጃ ጽርግያታትን ካልእን ከምዝጠቓለል ተሓቢሩ።

ኣብ መዳይ ሕርሻ፡ ልዕሊ 58 ሽሕ ሄክታር - ኣእካል፡ ጥረታትን ቀብኣን ከምእተዘርአን ኣስታት 477 ሽሕ ኩንታል እቶት ከምእተረኽበ፡ እዚ ድማ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ18 ሚእታዊት ከምዝተትሐተ ተሓቢሩ።

መደባት ቀድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ብዘተግበረ ጻዕሪ 312 ሽሕ ተመሃሮ ኣገልግሎት ዝህብ 271 ኣብያተ-ትምህርቲ ከምእተዳለዋን ልዕሊ 900 ዝሰልጠና ምምህራን ኣብ ስራሕ ከምእተዋፈራን፡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ተጠቒሱ።




ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ምእካብ ግብሪ መሬትን ጥሪትን ብዕቱብ ክስራሓሉ፣ ብዘይ ፍቓድ ንግዲ ዝጥፍኡ ትካላት ቁጽጽር ክግበረሉን፡ ከምኡ'ውን ጅግንነት ዝተፈጸመሎምን ብጾት ግፍዕታት ዝተኣየደሎምን ቦታታት ንጹር ምልክትን ሓበሬታን ክግበረሎም ዝብልን ካልእን ለበዋታት ኣቕሪቦም።



ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝሓየለ ክስራሓሉ፣ ካብ ያታዊ ሕርሻ ናብ ዘመናዊ ናይ ምቕያር ማስርሕ ክድፋኣሉ፣ ኩነታት ቀረብ ማይ ብደቂቕ ተጸኒዑ ውሕስነቱ ክረጋገጽ፣ ግብሪ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ናይ ጥሪትን መሬት ሕርሻን ድማ ብፍላይ ብዋግቡእ ክእከብ፡ ከምኡ'ውን መደብ ቀድመ-ትምህርቲ ብዝለዓለ ክስራሓሉ ብምዝኽኻር፡ ኩለን ኣካላት ብወህደት ክሰርሓ ኣዘኻኺሩ።

# ዓሰብ - ንጥፈታት ስፖርት ንምምዕባል ዝዓለመ ዘተ ተኻዪዱ

ጨንፈር ስፖርት ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ንጥፈታት ስፖርት ንምምዕባል ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ኣብ ዝተኻየደ ስራሕን ወጽኢቱን ዘተኩረ ዓውደ-ዘተ፡ ብ17 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣቃኒዑ።

ሓላፊት ክፍሊ ባህሊን ስፖርትን ዞባ ወ/ሮ ሃዋ መሓመድ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ንዝሎ ንቕሓት ብምብራኽ ኣታዊታት ስፖርት ከምዝዓቢ ምግባር ወህደት ስለዝሓትት፡ ተራን ኣበርክቶን መሻርኽቲ ክዓዝዝ ጸዊዓ።

ሓጺር ጸብጻብ ንዕዞ 20 ዓመታት ዘቕረበ ሓላፊ ጨንፈር ስፖርት ኣቶ ኢብራሂም ሳልሕ ብወገኑ፡ ናይ ምምዕባል ዓቕሚታት መደባት ኣብ መዳያት ምሕደራ፡ ሕክምና፡ ስልጠናን ዳንኡትን ከምእተተግበረ፣ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ስፖርት ንምዕባይ ኣተባብዒ ስራሕ ከምእተዓመ፣ ከም ወጽኢቱ ድማ፡ እቲ ዞባ ኣብ ሃገራዊ ውድድራት ስፖርት ዝምስገን ተሳትፎን ወጽኢትን ከምዝበርኦ ኣፍሊጡ።

ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ኮሚተ ኦሎምፒክ ኤርትራ ዶ/ር ኣሚን ተኽላይ፡ ኣብ ክብርታት ኦሎምፒክን ረብሓታቶምን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶም ብወገኑ፡ ስፖርት ካብ ህዝቢ ንህዝቢ ስለዝኸደ፡ ኮማዊ ሰረቱ ንምድልዳልን ኣታዊታቱ ንምዕባይን፡ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብወህደት ክሰርሑ ከምዝኾኖም ኣስሚሩሉ።

ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን - ሓላፊ ምክትታል ሃገራውያን ፈደረሽናትን ኮሚተታት ኦሎምፒክን ፓራሎምፒክን ኤርትራ ኮሎኔል ሰለሙን ስዩም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ኣብያተ-ትምህርቲ መሰረት ምዕባለ ስፖርት ስለዝኾኑ፡ ኣውራ ኣትኪሮ ኣብ ህጻናት ጌርካ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ስፖርት ክስራሕ፣ ንምዕባለ ንጥፈታት ስፖርት ድማ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ምምሕዳራትን ተወሃሂዶም ክሰርሑ ከምዝኾኖም ኣዘኻኺሩ።





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጾ. 1284


# ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዞባ ማእከል፡ ብ18 ታሕሳስ ናይ ዓመት 2025 ንጥፈታቱ ገምጊሙ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሳምሶም ክፍሉ፡ ኩሉንትናዊ ንቕሓትን ውዳበን መንእሰያት ንምብራኽ፡ ምስ ኩሎም ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብምውህሃድ ወጽኢታዊ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ ሓቢሩ።

ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ኣብያተ-ጽሕፈት ንኡስ ዞባታትን ደማ፡ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ውድባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት፡ ሞያዊ ስልጠናታት፡ ኣበርክቶ ኣብ ሕብረተሰብ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምህዞን ሰነዳን ናይ ዝተዓሙ መደባት ሙበርሂ ኣቕሪቦም።

ብዚ መሰረት፡ 60 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 3,836 መንእሰያት ስልጠና ማሕበራዊ ሱፍልጠት ከምዝቐሰሙ፣ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 90ን ልዕሊኡን ነጥቢ ዘመዝገቡ 241 ተመሃሮ ድማ ሽልማት ፊተውራሪ ከምእተዓደለ ገሊጾም።

ንዝተዋህበ ሞያዊ ስልጠናታት ብዝምልከት፡ 1,935 መንእሰያት ብስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፡ ቀዳማይ ረዲኤት፡ ድራማ፡ ስነጽሑፍ፡ ስነሕሳብ፡ ምምሕዳር፡ ኣውቶመካኒክ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ከምኡ'ውን ኣርትዖት ተንቀሳቓሲ ደረቕን ስእሊ ከምዝሰልጠኑ ሓቢሮም።

ኣብ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ሓላፊት ምክትታል ዞባታት ወ/ት ሄለን ኣሚን ብወገና፡ ኣብ ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዘሎ ድኻማት ክፍወስን ኣብ ውዳበ ተመሃሮ ድማ ማዕረ ተሳታፍነት ናይ ክልቲኡ ጾታ ክረጋገጽ ኣተሓሳሲባ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ውዳበ ማሕበር ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢ ክወርድ፣ ዑደት ናብ ልምዓታዊ ቦታታት ክውደብ፡ ንመምህራን ወከልቲ ማሕበር ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ስልጠናታት ክወሃብ ዝብልን ካልእን ለበዋታት ኣቕሪቦም።







ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ንቕሓትን ፍልጠትን መንእሰያት ንምብራኽ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ወህደት ናይ ኩለን መሻርኽቲ ኣካላት ክዓዝዝ፣ ኣሉታዊ ተርእዮታት ንምቕላስ ድማ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ጎስጓሳዊ መደባት ክካየድ ኣዘኻኺሩ።



ኣከባቢ



ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ደቀንስትዮን መሰል ተጠቃምነት መሬትን

ተኽለዝጊ ተኪኤ
ክ/መሬት ሚ/መ/ማ/ኣ

ደቀንስትዮ ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ እየን። ኣብ ኩሉ ጽላታት ቀጥባ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ድማ ልዑል፣ ሓደ-ሓደ ግዜ'ውን ኣብርክቶኣን ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ እዩ። ብፍላይ ኣብ ጽላት ሕርሻ ምስ እንምልከት፡ ደቀንስትዮ ኣደን ዘይሕውሳሉ ስራሓት ወይ ዕዮ ዳርጋ የለን እንተ ተባህለ ካብ ልክዕ ወይ ክዉንነት ዝረሓቐ ኣይኮነን። ኣብ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ምርኩስ ዝገበሩ ሰነዳት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ምምዕባል ሃገራት ዝርከብ ሃገራት ዝሕረስ ምህርቲ መግቢ እቲ ካብ 60 ክሳብ 80 ሚእታዊት ብደቂ ኣንስትዮ ዝፈረ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ምውዋስ ምድኻይ መሬትን ዕቀባ ሃብቲ ተፈጥሮ'ውን ኣበርክቶኣን ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ክግለጽ ዘለዎ'ዩ። ኣብ ኩሉም ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ማእቶታዊ ወፍሪታት ዝተኻየደሉም ከባቢታት ሃገርና ከም ኣብኡ እንተ ረኣና'ውን ዝበዝሓ ተሳተፍቲ ደቂ ኣንስትዮ እየን።

እንተኾነ ኣበርክቶ ደቂ ኣንስትዮ እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐን ልዕሊኡን ክንሱ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓለምና ዝስርሓሉ ኣብታዊ ስርዓት-ትሕዞ መሬት፡ ሕግታቱን ልምድታቱን ንተጠቃምነት መሬት ደቀንስትዮ ይኹን ናይ ዋንነት መሰል ዝደርት እዩ። ብሕልፊ ኣብ ገለ ከኣ'ሞ ፈጺሙ ዝኾሰ እዩ። ናብ ዘመናዊ ሕገግ ስርዓት-ትሕዞ መሬት እንተ ተመልከትናዮ'ውን ብኣንጻር ኣብታዊ ስርዓት-ትሕዞ ማዕረ መሰል ዘፍቅደለን'ኳ እንተመሰለ፡ ኣብ ትግባሪኡ ግና ብዙሕ ሃንደት ዘለዎ እዩ። ኣብ ባይታ ዘሎ ትዕዝብትታት እንተ ፈተሽናዮ'ውን ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ብኣንጻር እቲ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ሕጋጋት ኩይኑ ኢና እንረኽቦ።

ኣብዚ ዘለናዮ ምዕቡል ተባሂሉ ዝግለጽ መዋእል፡ ብደረጃ ዓለም ክረኣ ከሎ፡ ምቕረሐ (ratio) መሰል ዋንነት (ተጠቃምነት) መሬት ደቂ ኣንስትዮ ብመንጽር ደቂ-ተባዕትዮ ካብ 20 ሚእታዊት ዘይሓልፍ ምዃኑ እዮም ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዘረጋግጹልና። ምኽንያት ናይ'ዚ ድማ፡ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዘሎ ዘይምዕሩይ መሰላት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ መሰል ተጠቃምነት መሬት ዝረአ ዘይምዕሩይነት ቅቡል ንምግባሩ ዝተፈላለየ ባህላዊ፡ ማሕበራዊ ከምኡ'ውን ሃይማኖታዊ ምኽንያታት እናተዋህቦ ክቕጽል ጸኒሑን ኣሎ። ውዳብ ደቂ ኣንስትዮ ኩና ሓያሎ ገስገስቲ ማሕበራውን ፖለቲካውን ውዳበታት ከምኡ'ውን መንግስታት፡ ብኣንጻርዚ ብሰንኪ ጾታዊ ዘይምዕሩይነት ዝሰዓበ ዘይፍትሓዊ ስርዓት-ትሕዞ መሬት ንምቕያር ከይተሓለሉ ይቃለሱዎ ኣለው።

የጉዳስ ንዊሕ ዘመናት ኣብ ሕብረተሰብና ሰሪጹ ዝጸንሐ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ብምዃኑ ጉዱ ንምቕያሩ ዘይከኣል እዩ ዝበሃል'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ልዑል ንቕሓትን ነዊሕ ግዜን ዝሓትት ኣዝዩ በዳሂ ዕማም ምዃኑ ግን ግሉጽ እዩ። ምዕሩይ መሰላት ተጠቃምነት መሬት ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ከረጋግጽ ምስ ዝኽእል፡ ኣብ ኩሉ ማሕበረ-ቀጠባዊ ጽላታት ሕብረተሰብና (ቀጠባ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ወዘተ..) ብዝምልከት ጾታዊ ማዕርነት ከረጋግጽ ዝቐለለ ይገብሮ። ምኽንያት ናይ'ዚ ከኣ፡ መሬት መሰረት ኩሉመዳያዊ ህይወት ደቂ-ሰብ ስለ ዝኾነት። መሰል ተጠቃምነት ኩሉ ዓይነት ባህርያዊ ጸጋታት (ማይ፡ ጫካታት፡ ማዕድናት ወዘተ) ብሓፈሻ፡ መሰል ተጠቃምነት መሬት ከኣ ብፍላይ፡ ንደቀንስትዮ ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ ኣሕዋተንን ብዓተንን ከተውሕሰለን ምኽኣል፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕማማት ምብራኽ ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ (women empowerment) እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ዕድል ትምህርቲ ይኹን ጥዕናዊ ኣገልግሎት ክረኽባ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ኳ ዝኾኑ።

ተራ ደቀንስትዮ ኣብ ምፍዋስ ምድኻይ-መሬት ብደረጃ ዓለም ምሕር ኣሰካፊ እናኾነ ዝኸይድ ዘሎ ተርእዮ እዩ። ኣስታት 2 ቢልዮን ሄክታር መሬት (እዚ ማለት ዳርጋ ርብዒ ካብ ጠቕላላ መሬት ዓለም ምዃኑ እዩ) በዚ ጸገም እዚ ዝተጠቕዐ እዩ እናተባህለ ድማ ይንገር። በዚ ምኽንያት ቢልዮናት ሰባት ኣብ ድኽነት ክወድቑ ተገዲዶም እዮም። ካብዞም ጉዳያት ዝኾኑ ሰባት መብዛሕትኦም ንኣሽቱ ሓረስቶት፡ ተቐመጥቲ ገጠር ከምኡ'ውን ብቐንዱ ደቂ ኣንስትዮ ምዃኖም ይግለጽ። ተራን ተሳትፎን ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ኣብ ሕርሻ ዕዙዝ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለወን ማሕበራዊ ደረጃ ድማ ትሑት ብምዃኑ፡ ሳዕቤናት ምድኻይ መሬት ብዝዕበረ ኣብኦተን ዝዓዘዘ እዩ። እዚ መሬት

እንተኾኑ፡ ኣብ መሬተን ንዝካየድ ንጥፈታት ኩነ ወፍርታት ብዙይ ዝኾነ ጽቕጢ ባዕላተን ክውስና ክኽእላ ከለዋ ግን፡ ጥርዚ ምሕያል ዓቕሚ ደቀንስትዮ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ ምዕባይ ከኣ መሰረታዊ ረቛሒ ምውሓስ ምዕባለ ሓደ ሕብረተሰብ እዩ። ምኽንያቱ ወፍሪ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ወፍሪ ኣብ ሕብረተሰብን መጻኢኡን ስለ

ናብ ዝበርኸ ንምምሳስ ብደረጃ ዓለም ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ክዕወት እንተ ደኣ ኩይኑ፡ ግደን ተሳታፍነትን ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ።

ብዚይ ናተን ተሳትፎ፡ ዝኾነ ይኹን ትርጉም ዘለዎ ግብራዊ ስጉምታት ወይ ዕማማት ክትግበር ኣይከኣልን እዩ። ስርዓት-ትሕዞ መሬትን ጾታዊ ማዕርነትን ከም ኣምር፡ ብዙሓ ኣብ መንጎ ሰባትን መሬቶም ዘሎ ዝምድና ዝገልጽ፡ ኣብ ሓደ ዞባ ወይ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ነዚ ዝምድና ከመይ ይርድእዎን ይገልጽዎን ዘብርህ ስርዓት ወይ ሕጊ (ኣብታዊ ንበሎ ሕገግ) እዩ ኢልና ከቐምጦ ይከኣል። ስርዓት-ትሕዞ መሬት ናይ ሕጊን መሰልን ጉዳይ ጥራይ እዩ ኢልካ እትድርቶ ነገር ኣይኮነን። እኳ ደኣ ኣብ ውሕስነት መግቢ፡ ምዕቃብ ሃብቲ ተፈጥሮ ከምኡ'ውን ምስሳን ህይወታዊ ብዙሕነት ልዑል ጽልዋ ዝፈጥር ጉዳይ እዩ። እቲ ምኽንያት ድማ እቶም መሰል ተጠቃምነት መሬት ዘለዎም ሰባት ጥራይ

እዮም ኣብ መሬቶም ዝተፈላለየ ወፍሪ (ከም ምግራብን ምዕቃብ ሓመድን ማይን) ክገብሩ ተኽእሎን ዕድላትን ዘለዎም። ብኣንጻሩ እቶም ሕጋዊ መሰል ተጠቃምነት ዘይረኸቡ ሰባት፡ ወዲሎም ሓዳሮም ነታ መሬት ሓዲጎም ናብ ሸቐለት ዝረኽቡሉ ከተማታት ወይ ሃገራት ምስዳዶም ዘይተርፍ እዩ።

ኣብ መሬት ዘሎ ሸቐለት ጾታዊ ኣፈላላይ ዘይብሉ ብደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብማዕረ ዝዕመም ስራሕ ክነሱ፡ መሰል ውርሲን መሰል ተጠቓምነትን መሬት ግን ምዕሩይ ኣይኮነን። ፍርቂ ካብ ሃገራት ዓለም፡ ንደቀንስትዮ ኣብ ትሕቲ ሰብኡተን ወይ ወለደን እንተ ዘይኮይኑ፡ መሰል ዋንነት (ተጠቃምነት) መሬት ደቂ

ኣንስትዮ ዝፍጋ እየን። በዚ ምኽንያት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብታ ዝዓደያኦ መሬተን ንዝካየድ ወፍሪ ኩነ ንጥፈት ብዝምልከት ዝኾነ ይኹን ውሳኔ የብለንን ማለት እዩ። እዚ ነገር ንምቕያር ኣብ ዝግበር ቃልሲ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ጸገማት ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ ገለ ካብኦም ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ውሑዳት ዝም ዝስዕቡ ብደሆታት ምጥቃስ ይከኣል፥

- ኣብታዊን ባህላዊን ሕጋጋት ኣብ ወርሻ ኩነ ኣብ ዕደላ መሬት ንደቂ-ተባዕትዮ ዘድልዉ ምዃኖም፣
- ደቂ ኣንስትዮ ናይቲ ሕብረተሰብ ኣብ ሕገግ ሕግታት ሃገረን ብሓፈሻ፡ ኣብ ሕግታት መሬት ድማ ብፍላይ፡ ዘለወን ኣፍልጦ ደኑት ምዃኑ፣
- ኣብቲ ማሰላተን 'ተዋሒሱ እዩ' ዝበሃሉ ሕብረተሰብ'ውን፡ እቶም ኣብ ምዕዳልን ምሕደራን መሬት ዝሳተፉ ሰባት (ከም ዓቓሮ መሬት፣ መታሮ መሬት ወዘተ) ዝገብርዎ ኣድልዎ፡ ንኣብኡት ሰብ ዘይሃርፎ ሕምቕ ዝበለ መሬት ንደቂ ኣንስትዮ ከም ዝውሃብ ወይ ስፍሓት መሬት ደቂ ኣንስትዮ ንእሽ ዝበለ ከም ዝኾነ ብምግባር ወዘተ፣
- ኣብዮም ብዙሓ መሬት ናይ ምውሳን ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላት፡ ወከልቲ ደቀንስትዮ ዘይምህላው፡ ወይ ከይሀልዋ ዕንቅፋት ምግባር ወዘተ ክንጠቅስ ንኽእል።

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስርዓት-ትሕዞ መሬት ሃገረን ማሰለን ከውሕሳ እንተ ደኣ ኩይነን፡ ብመጀመርታ ክገብርኦ ዘለወን ነገር፡ ብመንግስተንን ማሕበረንን ተሓጊዘን ኣብ ሕጋጋት ሃገረን ዝተፈቕደለን መሰል ብዝግባእ ክፍልጣን ይግባእ። ከም ሃገርና ኤርትራ ዝኣመሰለ ሃገራት መሰል ተጠቃምነት መሬት ብዘይ ጾታዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ብሄራዊን ኣፈላላይ ዘውሕስ እየን። ብኻልኣይ ደረጃ ድማ፡ እዚ መሰል እዚ ኣብ ሕብረተሰብ ናይታ ሃገር ብሓፈሻ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ፡ ከም ዝግባእ ክፍለጥ ምእንቲ ገስጋስን ሓብሬታን ዘይሕለል ወፍሪ ክካየዳ ኣለወን። እዚ ንደቂ ኣንስትዮ ካብቲ ብዙሓ መሬት ዘለወን መሰል ምፍላጥ ሓሊፉ ብዙሓ ኩሉ ዓይነት ሕጊን ንማሰላትካ ብሕጋዊ ኣገባብ ብምቕላስ ምውሓሱ ብዝምልከት ንቕሓተንን ዓቕመንን ዘበርኽ መድረኽ እዩ። ብራብዓይ ደረጃ ክረኣ ዝኽእል ድማ፡ ብልዕሊ ዝበለ ዓቕሚ ዘለዎም ወይ ዘለወን ክኢላታት እናተሓገዛ ብዓለም ደረጃ ዝስርሓሉም ሕጋጋትን ውዕላትን ከጽንዕኦም፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ንዘጋጠሙ ተመሳሰልቲ ብደሆታትን ዝተፈትሐሉ ኣገባብትን ብምምርማር ምስ ኩነታት ሃገረን ብዝሰነ መልክዑ ብምቕናይ ከኣ ኣብ ትግባረ ንዘጋጥምወን ብደሆታት ከም ኣማራጺ ሓሳባት ክገልግል ምእንቲ ክኽእል ምፍላጡ ከድሊ እዩ።

ቃልሲ ንጾታዊ ማዕርነት፡ ቃልሲ ናይ ደቀንስትዮ ጥራይ ዝመስሎም ሰባት ብዙሓት እዮም። እንተኾነ እዚ ቃልሲ እዚ መንእሰያት፡ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ማሕበራዊ ውዳበታት፡ መራሕቲ ዝተፈላለያ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ብንጥፈት ክሳተፍዎ ዝግባእ ቃልሲ መላእ ሕብረተሰብ ንሕብረተሰባዊ ለውጢ እዩ። ምኽንያቱ ማዕርነት ኣብ ኩሉ ዕድላት ብፍላይ ድማ ኣብ ተጠቃምነት መሬትን ኣብኡ ዘሎ ጸጋታትን ዘይብሉ ሕብረተሰብ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ቀጠባዊ ምዕባለ ከምኡ'ውን ኣከባብያዊን ክሊማዊን ዓወታት ከመዝግብን ከስተማቕርን ዝከኣል ኣይኮነን።







# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**AMSC Business Executive Assistant & Document Controller**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To control, record, review, update and store documentation relating to Asmara Mining Share Company (AMSC), in accordance with AMSC policy, legal requirements and government legislation regarding the control, recording and storage of documents.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**Administrative Assistance**

- Act as administrative assistant to the General Manager
- Coordinate and manage the daily and weekly approvals
- Scheduling appointments and maintaining calendars
- Collecting and distributing mail
- Preparing communications such as memos, emails, invoices or reports
- Writing and editing letters, reports and instructional documents
- Creating and maintaining electronic and physical filing systems
- Creating and maintaining electronic and physical filing systems

**Document Control**

- Maintain structured and systematic document control processes that provide easy reference to documents that are accurate and of high quality
- Assist in supporting internal and external audits, coordinating activities and ensuring timely response to documentation requests for auditors in order to implement systems of control
- Convert hard-copy work documents such as checklists, permits, log sheets and other supporting documentation into existing electronic systems
- Organize and maintain documents, adhering to the company document lifecycle procedures and archive inactive records in accordance with the records retention schedule
- Review and update all incoming documents regularly
- As a sentry, liaise and coordinate with all departments for document control of all company documents / updates to maintain active versioning / revision index of documents
- Inform document owners of pending document review and approval requirements and assist in facilitating the review and approval process
- Conduct comprehensive document audits to ensure conformance to established procedures and maintain quality records, per applicable SOPs / STPs
- Oversee the efficient running of the Document Control Center database
- Pull required documentation from the database and distribute it to the relevant document owner for review and / or approval

**Reporting and Filing**

- Provide reports on the health of the system and documents contained within it
- Track pending documents through weekly, monthly, quarterly and yearly progress reports and notify the document owner for taking appropriate action on the pending documents
- Receive all company documents into a database, create the relevant report and file into the appropriate system, facilitate an audit of the system and provide timely feedback
- Manage both physical and electronic archives for specified duration, depending on content

**Health, Safety and Environment**

- Maintain high health, safety and environmental awareness
- Monitor own and peers' adherence to health and safety measures, protocols, and standards
- Become familiar with and strictly adhere to AMSC's Health, Safety and Environmental standards. Act as a role model in complying with and supporting these standards and practices
- Oversee that security procedures are followed to minimize the opportunities for theft of documentation material.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Higher National BA degree in secretarial Science, Diploma in Administration, Document Control or related field |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 5 – 7 years' experience in any executive secretarial job and document control environment, preferably in an NGO office.<br>• Additional Experience:<br>• Essential knowledge of administrative, secretarial and document control systems and electronic data management<br>• Knowledge of administration and communication processes, procedures and systems<br>• Working knowledge of open cut and underground mining |
| Technical Skills | • Strong system administration skills<br>• Strong typing and document detail capture skills<br>• Strong information monitoring and management skills<br>• Intermediate communication (written and verbal) and interpersonal skills<br>• Intermediate computer literacy skills - MS Office (Word, Excel, PowerPoint and Outlook)<br>• Sound planning, organizing and prioritizing skills |

*Continued on page 7*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Continued from page 6

| | |
|---|---|
| Behavioral Skills | • Accuracy<br>• Approachable<br>• Confidentiality<br>• Dedicated<br>• Detail focused<br>• Diligent<br>• Diplomacy<br>• multi-tasking<br>• Pro-Active<br>• Reliable<br>• Self-Starter<br>• Team player<br>• Transparent<br>• Well organized<br>• Results Driven<br>• Decision-making skills to work autonomously and manage specific tasks |

## Health and Safety Training Officer
## Number required – (02)
## Type of contract – Indefinite

**Major Duties and responsibilities**

• Assist the Health and Safety Training Coordinator to develop and implement the mine safety management system inclusive of safety meetings, workplace inspections, prestart information sections and inspections, event reporting/ investigation and reporting of lead and lag indicators.
• Assist in building, implementing and overseeing H&S programs and initiatives for Asmara Mining Share Company (AMSC).

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

Health and Safety
• Communicate all Health and Safety procedures and protocols to the operations.
• Assists the development and review of H&S documents in accordance with AMSC standards and Eritrean regulations.
• Assists facilitate and promote the adoption of new health and safety programs and practices.
• Assists in audits, risk assessments, reviews, monthly H&S meetings and inspections.
• Supervise all signage work across the company.

**Planning and Analysis**
• Contribute to the provision of an appropriately trained and skillful workforce that is fully trained on HSE elements.
• Develop and plan training session plans, as well as associated schedules, in accordance with approved and prescribed Health Safety and Environment curriculum and principles.
• Conduct needs analyses to develop or update training materials to parallel emerging HSE industry trends.
• Identify training needs through determining risk profiles and training matrices and requesting these from the relevant supervisors and/or managers.

**Module Development**
• Research, plan, and develop training and material programs to meet training needs, as per the competencies required; schedule and socialize training sessions.
• Contribute to the conceptualization, development and update of HSE training aids, resources and learning solutions.
• Conduct investigations into HSE events, in conjunction with the event investigations teams, distill learning and include in the training content.
• Develop assessment components, comprised of both theory and practical elements.

Execution
• Conduct both Technical and Competency based HSE training and assessments for both permanent and contractor employees, by using on-the-job technical teaching methodologies to impart skills, knowledge and competencies.
• Coordinate refresher training on topics, as required.

**Evaluation and Maintenance**
• Confirm that all training and assessment procedures are followed and all competencies; standards and/or regulations met before signing for the issue of certificate and permit.
• Support the development of a continuous improvement culture to ensure training and development remains a top priority for improving Health and Safety standards across Asmara Mine.

**Profile: Qualifications and Experience**

**Formal Education, Certifications or Equivalents**
• Bachelor's Degree in a Science related programs
• Workplace Trainer and Assessor in Mining is an advantage

**Working Experience – Nature & Length**
• Minimum of 2 years' generalized experience in Health and Safety, with previous facilitation experience in the Mining, Oil or Construction industries, of which 1 year should be in training capacity.
• Sound knowledge of technical and operational aspects of open cut and underground mining.

**Technical Skills**
• Advanced training and strong facilitation skills.
• Strong communication (written and verbal - Tigrinya & English) and interpersonal skills.
• Plan, organize and execution skills
• Valid Driver's License
• Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)

**Behavioral Skills**
• Approachable | Assertive | Customer Focused | Goal Oriented | Influential | Initiative | Pro-Active | Reliable | Results Driven
• Well organized

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As Per company scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered a3s potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING
SHARE COMPANY

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Health And Safety Officer**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Assist the Health and Safety Superintendent to develop and implement the mine safety management system inclusive of safety meetings, workplace inspections, prestart information sections and inspections, event reporting/investigation and reporting of lead and lag indicators.
- Assist in building, implementing and overseeing H&S programs and initiatives for Asmara Mining Share Company (AMSC

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS
Health and Safety

- Communicate all Health and Safety procedures and protocols to the operations.
- Assists the development and review of H&S documents in accordance with AMSC standards and Eritrean regulations.
- Assists facilitate and promote the adoption of new health and safety programs and practices.
- Assists in audits, risk assessments, reviews, monthly H&S meetings and inspections.
- Supervise all signages and artworks across the company.

Execution

- Analyze and suggest improvement opportunities from leading and lagging indicators.
- Conduct needs analyses to develop or update training materials to parallel emerging HSE industry trends.
- Review of JHAs | Other unplanned / ad hoc projects
- Advise line management on safety issues.
- Follow up on departmental action and events close outs.

valuation and Maintenance

- supporting the development of a continuous improvement culture to ensure training and development remains a top priority for improving Health and Safety standards across Asmara Mine.
- Oversee the effective storage of records via electronic and hard copy means.
- Provide Progression feedback reports to the Superintendent and End User Management, as required

Profile: Qualifications and Experience

**Formal Education, Certifications or Equivalents**

- Bachelor's Degree in a Science related programs
- Workplace Trainer and Assessor in Mining is an advantage

**Working Experience – Nature & Length**

- Minimum of 2 years' generalized experience in Health and Safety, with previous facilitation experience in the Mining, Oil or Construction industries, of which 1 year should be in training capacity.
- Sound knowledge of technical and operational aspects of open cut and underground mining.

**Technical Skills**

- Advanced training and strong facilitation skills.
- Strong communication (written and verbal - Tigrinya & English) and interpersonal skills.
- Plan, organize and execution skills
- Valid Driver's License
- Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel) Plan, orga
- Well organized

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Site
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## Notice

Notice is hereby given to the public that Abdelewehab Ali and Mazanda A/maria General Partnership convened an extraordinary general meeting on December 4, 2025 at 10:00 AM and resolved the following:

1. Heirs of late Abdelwehab Ali, Mr. Mohamednur Abdelwehab , Mrs. Muna Abdelwehab , Mrs. Rahwa Abdelwehab, Hanae Abdelwehab and his wife Mrs. Meriyem Kelifa acquired 15 shares each and jointly 60 shares by inheritance. All of them donated their shares t Mrs. Hanae Abdelwehab and withdrew from the partnership.
2. Mrs. Hanae Abdelwehab is admitted as a new member of the company having 75 shares acquired by donation and succession. Her capital is 75,000 Nakfa
3. Mrs. Hanae Abdelwehal will be the General Manager of the company.

Abdelwehab Ali and Mazanda A/Maria GP

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**
**Process Operation Supervisor**
**Number required – (10)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

**Major Duties and responsibilities**

- To supervise the safe and efficient day-to-day operations of the Cu/Zn concentrator, including oversight of the commissioning, ramp-up, and steady-state production.
- The Operations Supervisor ensures production targets are met while maintaining high safety and environmental standards, equipment integrity, and operator performance.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Lead and supervise plant operators during commissioning, start-up, and operation of the copper and zinc flotation circuits, including crushing, grinding, flotation, thickening, filtration, and tailings management.
- Ensure compliance with all health, safety, and environmental regulations and company policies.
- Monitor plant performance against production targets and proactively address deviations.
- Collaborate with commissioning teams, maintenance, metallurgy, and control room operators to troubleshoot issues and optimize operations.
- Ensure timely and accurate completion of shift logs, production reports, and incident documentation.
- Assist in developing and implementing Standard Operating Procedures (SOPs) and Safe Work Instructions (SWIs).
- Support training and development of national staff, fostering a culture of safety, discipline, and continuous improvement.
- Conduct regular inspections of plant areas to ensure safe, clean, and efficient operating conditions.
- Lead and participate in toolbox talks, safety meetings, and operational reviews.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma or Degree in Mineral Processing, Metallurgy, or related discipline. |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 5–10 years of experience in base metal concentrator operations, ideally Cu/Zn flotation circuits.<br>• Previous experience supervising teams in a commissioning and production environment<br>• Strong knowledge of plant equipment, process control systems, and metallurgical principles.<br>• Experience working in multicultural teams and environments is an advantage. |
| Technical Skills | • Strong leadership and team supervision skills<br>• High commitment to safety and operational excellence<br>• Problem-solving and decision-making ability under pressure<br>• Effective communication skills – verbal and written<br>• Organized and detail-oriented with sound reporting skills<br>• Ability to mentor and develop local workforce |
| Behavioral Skills | • High safety awareness and discipline<br>• Practical problem-solving ability<br>• Patience and cultural sensitivity<br>• Strong analytical and problem-solving skills.<br>• Excellent organizational and time-management skills.<br>• Ability to work independently and as part of a team. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period (2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ -ሃለቓ)

## “ታላታ ዓሸር፡ ዓዲ ጀርዲንን ጥሪትን . .” ኣቶ ዓብደልቃድር ኣልኣሚን

ስእሊ.- ክብሮም ጸሃየ

*ታላታ ዓሸር ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ትርከብ ዓዲ እያ። ኣብ ጫፍ ምዕራባዊ ዶብ ኤርትራ ስለ ትርከብ ድማ ብቐጥታ ምስ ሃገረ ሱዳን ትዳወብ። እዛ ሓወሲ ከተማ ብምምሕዳራዊ ቅርጺ ክትረአ እንከላ ብሓሙሽተ ዞናት ዝቖመት እያ። ካብ ሓደ ክሳብ ሓሙሽተ ኣብ ውሽጢ እዛ ሓወሲ ከተማ ክርከብ እንከለዉ ወዲ ኺየር፡ ዓዲ ዓምር፡ ዓዲ ኼራር ዝበሃላ ሰለስተ ዓድታት ድማ ኣብ ሶባር ጋሽ ይርከባ። ብዛዕባ እዛ ሓወሲ ከተማን ነበርታን ብዝምልከት ምስ ኣመሓዳሪ ከባቢ ምምሕዳር ታላታ ዓሸር፡ ኣቶ ዓብደልቃድር ኣልኣሚን ሓጺር ዝገበርናዮ ዕላል ይስዕብ።*

**ሕቶ - መነባብሮ ህዝቢ ናይ'ዚ ከባቢ ኣብ ምንታይ ዝተመርኮሰ እዩ?**

ኣብ'ዚ ምምሕዳር ከባቢ ኣስታት ሸዱሽተ ሽሕ ዝኾውን ነባሪ ኣለና። መነባብሮ ናይ'ዚ ህዝቢ እዚ ድማ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝተመርኮሰ እዩ። እቲ ዝውሓደ ድማ ኣብ ሸቐጥ ዝዋፈር እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ሕርሻ እንተ ደኣ ኩይኑ ህዝቢ ናይ'ዚ ከባቢ ክልተ ኣገባብ ዓይነት ሕርሻ እዩ ዝጥቀም። ናይ ክረምታውን ማሰኖኣውን ንጥፈታት ሕርሻ ማለት እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ክረምታዊ ክንርብል እንከለና፡ ብፍላይ እቶም ኣብ ሶባር ጋሽ ዝርከቡ ህዝብና፡ ክልተ ሄክታር ተዓዲሎም ክረምቲ መጸ ዝተፈላለዩ ዓይነት ዘርእቲ ብምዝራእ ቀለብ ዕለቶምን ዓመቶምን እዮም ዝሕዙ።

**ሕቶ - ኣብ ጥሪት ዝምልከት። ኣብዚ ከባቢ ዘለዋ ጥሪት እንታይ እየን? ኩነታተንኸ ከመይ ኣለዋ ?**

ወላሂ ጽቡቕ ኣለዋ። ሳዕሪውን ብዙሕ ኣይሸገሮን እዩ። እዚ ከባቢ ለሚዒ እዩ። ከም ከብቲ፡ ኣግማል፡ ጤለበጊዕ ዝኣመሰላ ድማ ኣለዋና።

**ሕቶ - ብዛዕባ ማሰኖ ካብ ኣልዒልና፡ ኣብ'ዚ ኣብ ታላታ ዓሸር ዘሎ ጀራዲን ከመይ ዝበለ እዩ ?**

እቲ ዝርመሓ፡ እቲ ዝበዝሐ ጀራዲን ኣብዚ ኣብ ን/ዞባ ተሰነይ፡ ኣብ ታላታ ዓሸር እዩ ዝርከብ እዩ። ካብ ታላታ ዓሸር ክሳብ ሶባር ጋሽ ካዕባ ዓሰርተ ሓደ ዝበሃል ቦታ ኣስታት 90 ዝኾውን ዓበይቲ ጀራዲን ኣሎ። ብሓፈሻ ታላታ ዓሸር ዓዲ ጀራዲንን ጥሪትን እያ።

**ሕቶ - ሕራይ ኣመሓዳሪ፡ ኣብ'ቲ ብዛዕባ ማይ፡ ትምህርትን ጥዕናን ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ታላታ ዓሸር፡ ኣብ ከመይ ኩነታትን ደረጃን ከም ዘሎ ክትሕብረና ?**

ከኒታት ማይ ኣብ ታላታ ዓሸር፡ ኣብ ደሓን ከኒታት ኣለና ኢልካ ክትዛረበሉ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ውሽጢ ታላታ ዓሸር እንተ ደኣ ወሲድና ካብ ዞን ሓደ ክሳብ ኣርባዕተ - ክልተ ዒላ ኣለዋና'ዮም። ብጡንባ ዝሰርሓ ኩይነን ብቶርሮ እናገፉ እየም ማዮም ዝጓርቱ። እታ ሓንቲ ናይ ብሕቲ ክትከውን እንከላ እታ ሓንቲ ድማ ናይ መንግስቲ እያ። እታ ኣብ ዓዲ ሾርባት እትርከብ ናይ ዞን ሓሙሽተ ግን ብሶላር ትሰርሕ ዒላ እያ ዘላትዮም። ተባላሽያ እኳ እንተ ሃለወት፡ ሕጂ ግን ናብ ምዕራይ ገጻ እያ። እቲ ናይ ሶባር ጋሽ'ውን ከምኡ ድሪል ተገይሩሎም ነይሩ። ንሳ'ውን ስለ ዝተበላሸወት ካብ ስራሕ ደው ኢላ ጸኒሓ እያ።

**ሕቶ - እሞ ከም ፍታሕ ዝገበርኩሞ ስጉምቲ እንታይ ኣሎ?**

ብቐጻሊ ንዝምልከቶ ንሕብርን ንዛረበሉን ኢና። ቀዳምነታት ዝጠልብ ስራሕ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና። ብሓደ ግዜ ብሃታ-ሃታ እቲ ፍታሕ ክመጽኣካ ኣይክእልን እዩ። እዚ ርዱእ ነገር እዩ። ብበቐዳምነታቱ እቲ ዘሎ ንኣሽቱ ጸገማት ክፍታሕ ምዃኑ ግን ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ ኣብዚ ዝሓለፈ እዋናት ከማን እንዳ ማይ መጺኦምና ነይሮም፡ ፍታሕ ክንረኽብ ድማ ተስፋ ገይርና ኣለና። ብሓፈሻ ግን ብዛዕባ ዝስተ ማይ ጸገም ዝበሃል የብልናን።

**ሕቶ - ኣብ ትምህርቲ፡ ጥዕና'ኸ?**

ኣብዚ ኣብ ምምሕዳር ታላታ ዓሸር፡ ሓንቲ ነቕጣ ጥዕና ኣላትና። እዛ ማእከል ጥዕና እዚኣ ንዓና ጥራሕ ዘይኮነትስ ኣብዚ ከባቢና ዘለዋ ቁሸታትን ዓድታትን ንዝም ብዓል ሰይቲሞ'ውን ተገልግል እያ። ናይ ብሉቒ ዝምስስን ኣብርኪቶ እዩ ዘለዋ። ዳርጋ ጽቡቕ ኣገልግሎት ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ቀረብ መድሃኒት'ውን ኣሎ። ብፍላይ ኣብ እዋን ክረምቲ፡ ምስኡ ሰብ ሞያ ጥዕና ተሓጊዝዎም ዝሰርሑ እዞም ኢጋር ሓኪይም ዝበሃሉ ኣለዉና። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞን ድማ ወከልቲ ኣለዉና። ስለዚ ጽዑቕ ምክትታል ስለ ዘሎ፡ እቲ ኣብ ጥዕና ክንገፍ ዝኽእል ጸገማት ብኢጋኡ እዩ ዝግታእ። ብዛዕባ ትምህርቲ እንተ ደኣ ኩይኑ፡ ኣብዚ ኣብ ውሽጢ ታላታ ዓሸር፡ ካብ 1ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ እትገልግል ቤት ትምህርቲ ኣላትና። ኣብ ዓዲ ሾርባት ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ ክፍሊ፡ ኣብ ሶባር ጋሽ ድማ ኣብ ዓዲ ኬራይን ወድ ኪየርን ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ ዘምህራ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና። ብዛዕባ መዋእለ ህጻናት እንተ ደኣ ኩይኑ ከኣ፡ ከም ሱብና መዋእለ ህጻናት ዘምህራ ትካላት ትምህርቲ ኣለዋና። ብዛዕባ መጉዓዝያ ዝምልከት ክንዛረብ እንተ ደኣ ኩይንና'ውን፡ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ጠሉብና ተፈቲሒልና ስለ ዘሎ፡ ሓራት ኢና። ካብ ተሰነይ ክሳብ ታላታ ዓሸር ንሓደ ሰብ 10 ናቕፋ ከም ዝኸፍል ተገይሩ ድማ ንኽሰራሓሉ እቲ ዕማም ድሉው ኣሎ። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ክጅምር ድማ ተስፋ ኣለና።

**ሕቶ - ከም ኣብ ዶብ ዘለኹም መጠን ሃንደበት ሓው ህዝቢ ሱዳን እዚ ዘለዎ ኩነታት ምስ ኣጋጠሞ፡ ህዝቢ ታላታ ዓሸር ኣብ ምቕባል ኣጋይሽ ዘርኣዮ ስምዒት ከመይ ይመስል?**

ኣገዳሲ ዝነኣድ እዩ። ወላሂ! ህዝቢ ሱዳን ሓውና ስለዝኾኑ፡ ንሱብ ኣብ ጸገሙ ፍቕርን ርህራሄን ክዘርእዮ ካብ ቀዳሞት ወለዶታት ህዝቢ ኤርትራ ዝተመሃርናዮ ጽሒሕ እዩ። እዚ ከኣ ኣባና ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ባህሊ እዩ። ባህሊ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን። ቴንዳ ተኺልና ተቐቢልናዮም። ብደረጃ ንኡስ ዞባ ክኸውን ስለዝበሎ ድማ እቲ ቴንዳ ካብዚ ተወሲዱ ኣብቲ ዝግበኦ ቦታ፡ እቲ ማስርሕ ብኸምኡ ተዓሚሙ ክበለካ እኸእል። ኩሉን ምምሕዳር ከባቢታት ከኣ ተሳቲፈናሉ እየን።

**ሕቶ - ታላታ ዓሸር ከም ዓዲ መዓስ ተመስሪታ ትኸውን? መዓስ እዩ ህዝቢ ክጥርነፍን ክነብርን ጀሚሩ?**

ብንጹር ኣብ ክንደዚ'ኳ እንተዘይብልና፡ ዝሕብሩ ምልክታት ግን ኣለዉ። ኣብ መስገድ ጃምዕ ናይዛ ዓዲ ዘሎ ጽሑፍ ከም ዝሕብሮ ግን እታ መስገድ ኣብ 1954 ከም ዝተሰርሐት ዝሕብር እንተደኣ ኣሎ፡ እታ ዓዲ ከኣ ቅድሚ'ዚ ዝጥቀስ ዘሎ ግዜ ኣብ 1945 ወይ 1950'ታት ኣቢላ ተመስሪታ ከም ትኸውን እዩ ግምታት ዘለና።

**ሕቶ - እዛ ዓዲ ምስ ፕሮጀክት ዓሊ ግድር ብምትሕሓዝ እንታይ ምትእስሳር ኣለዋ ? ዝተታሓዘ ፕሮጀክት ይህሉዶ ይኸውን?**

እወ ኣሎ። ካብዚ ካብ ጸለም ጽርግያ ዘሎ ቦታ፡ ኣብ ካርታ እቲው እዩ። ንኸምኡ መደብት ተባሂሉ ተዋዲዱ ዘሎ ቦታ እዩ። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ሓሊፉ ናይ ፕሮጀክት መጺኦምና ነይሮም። እዚ፡ ዝተታሓዘ መደብት ስለዘሎ እዩ። ክሳብ ኣርባዕተ ዓሸር ጫፍ ዶብ ክሰርሕ ተወጢኑ ኣሎ። ብመሰረት ክኢላታት ናይ'ቲ ፕሮጀክት፡ ካናሉታትን እታ ዝተጀመረት ዒላን ክኩዓት፡ እቲ ኣብ'ዚ ከባቢ ውሒጥዎ ዝርከብ ተምሪ ሙሳ ክጽረግ ዝብል ኣብ ማስርሕ ናይቲ መደብ ኣትዩ ኣሎ።



**ሕቶ - ካብ ክረምታዊ ሕርሻ ወጻኢ ኣብዚ ከባቢ ብማሰኖ ዝፍዳ ዝፈሪ ሕርሻዊ ፍርያት እንታይ እዩ?**

ብዙሕ ክጥቀስ ይኽእል እዩ። ንምዝርዛር ከም ብዓል ሽጉርቲ፡ በናና፡ ባምያ፡ ብርጭቆ፡ ኮሚደረ፡ ጣፍ... ዝኣመሰሉ ክጥቀስ ይኽእሉ። ጣፍ ካብ ክረምቲ ወጻኢ፡ ካብ ወርሒ ሕዳር ክሳብ ጥሪ ኣብ ዘሎ ግዜ ይሕረስ። ብፍላይ ብዓል ጀርዲን ጣፍ ዘየዘርእ ሰብ የለን፡ ተለሚዱ ክበለካ ይኽእል። እዚ መሬት ብሩኽ እዩ ተፈቲኑ ዳርጋ ዘኣቢ ዘርኢ እውን የለን።

**ሕቶ - ከም ልሙድ ጣፍ ሓደ ካብ ናይ ከበሳ ዘርእቲ ምስ ምዃኑ፡ ብሚ/ሪ ሕርሻ ደዩ ምሩጽ ዘርኢ ተዋሂቡኩም ዋላ ባዕልኹም ኢኹም ንፈተነ ብምባል ጀሚርኩም?**

ብዓብይኡ ዋላ ደኣ ናይ ሚ/ሪ ሕርሻ ምኽርታት ይሃልዎ እምበር፡ ውልቃዊ ጻዕርታትን ተበግሶታትን ናትና ዓቢ እዩ። ምስቶም ባህርያት ናይዚ እኽሊ ፍልጠትን ተመኩሮን ዘለዎም ሰባት እናተላዘብና ኢና ንፈተነ ዘርኢናዮ።

**ሕቶ - ወጻኢቱም ከመይ ረኺብኩሞ፡ ዘተባብዕ ድዩ?**

እወ ኩሉ እቲ ኣብ ማሰኖ ዝፈርዩ ሰብ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ ዝኾነ ወጻኢት ረኺቡሉ እዩ። ንቕጻሊ ድማ ዘተባብዕ እዩ። ጻዕዳን ቀይሕን ጣፍ ድማ መሪጽና ዝርኢ። ሓሰሩ ድማ ንእንስሳታት ብፍላይ ክረምቲ ክኣቱ እንከሎ፡ ከም መግቢ ኩይኑ ስለ ዘገልግል ጽቡቕ ጥቕሚ ኣለዎ። ብኽልተ ረብሓ ኢና ንጥቀሞ።

**ሕቶ - ቀንዲ ብድሆታት ታላታ ዓሸር እንታይ እዮም ኣመሓዳሪ?**

ኣብዚ ከባቢ ከም ዓቢ ብድሆ ክንርእዮ እንኽእል፡ እቲ ኣገልግሎት ናይ ኤሌትሪክ ስለ ዘይብልና፡ ቁሩብ ኣብዚ ጸገም ኣለና። ካልእ ኣብዚ ኣብ ሶባር ጋሽ ዘሎ ህዝብና ብፍላይ ኣብ ግዜ ክረምቲ ናብዚ ክሰግር ብውሕጅ ስለ ዝሸገር፡ ብቢንቶ ተኻሊሉ ስለ ዝመጽእ ኣብኡ ማእከል ጥዕና እንተ ትትከል፡ ዝያዳ ኣብ ርእሲ እታ ዘላትና ትካል ጥዕና ዓቢ ፍታሕን ዝለዓን ምኾነ ኢሉ ድማ እኣምን። ኣገልግሎት ማስመር ቴለፎን እውን እንተ ዝፍታሓልና ጽቡቕ እዩ። ብዘተረፈ ኣብዚ ከባቢና ዝሳሳል ዘሎ ዝተፈላለዩ መንግስታውን ህዝባውን ንጥፈታትን ኣገልግሎታትን ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ። ዝምስገን ወጻኢት ድማ ይርከበሉ ኣሎ።





